Dienststelle Volksschulbildung
ኣሃዱ መሰረታዊ ኣብያተ ትምህርቲ

**ንውሉደይ ቁጽሪ ንክመሃር ብኸመይ ክሕግዞ ይክእል፧**

ቁጽሪ ምሕሳብ ማለት ልክዕ ከም ምዝራብን ምኻድን ምምሃር: ኣካል ናይ ቆልዑ ዕብየት እዩ። ናይ ቁጽሪ ክእለታት፡ ፍቕዲ(ቁጽሪ)ምልላይ፡ ቅርጽታት ምልላይ፡ ነቲ ቦታ ንባዕልኻ ምልላይ፡ ብልቢ ነቲ ኣከባብን ንጥፈታትን ምስትውዓልን ቁጽርታትን ቅርጽታትን ምስራሕን እዩ። ንስኹም ከም ወለዲ ንውላድኩም ኣብ መገዲ ቁጽሪ ትሕግዝዎ ንሕትኡ ብቁምነገር ምስ ትቕበልዎ፡ ምስ ውላድኩም ምልዛብን ንዕዩኡ ባዕሉ ንክሰርሕ ብምትብባዕን እዩ።

**ቆልዓ ኣብ መዓልታዊ ሂወቱ ዝተፈላለዩ ናይ ቁጽሪ ንጥፈታት ይመሃር እዩ።**

ብግቡእ (ብልቢ) ውላድኩም ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታትኩም ኣሳትፍዎ።

- እቲ ጣውላ ነዳልዎ፡ ሽዱሽተ ሰባት ን ድራር ተቐሪብና ኣለና መሓበሲ ዓፍ ጨርቂ(መንዲል) ተዓጺፉ ኣሎ። ስሉስኩርናዕ ካብ ርቡዕኩርናዕ ቆይሟ።
- ምስ ቆልዓ መግቢ ንከሽን ባዛዕብኡ ድማ ነዕልል: 4 እንቋቑሖ፡ 200 ግርም ሽኮርን ሓደ ማንካ ጨው የድልየና።
- ቱፋሕ ኣብ ፍርቂ ቁረጽዎ እንደገና ነቲ ፍርቂ ንፍርቂ ቁረጽዎ፡ ንግዕዝም(ቩርስተ)ናብ ቀጸላታት(ስላይስ) ቁረጽዎ፡ ሓደ ማንካ ጸባ ወስኹሉ።
- ክትገዝኡ ከለኹም ቁሩብ ባዕሉ ክኸፍል ሕደጉዎ።
- ቁጽሪ ተለፎናት ባዕሉ ክጥዉቕ(ክድውል) ሕደጉዎ።
- ኣብ ምብዓል ዕለተ ልደቱ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ዕድመ ህጻናት ይዛረቡ።
- ቆልዑ ኣብ ንጥፈታት ክሳተፉ ኣተባብዕዎም፡ ንምጥቃስ ብኢዶም ዘቢብ ኣብ ቦርሳ ይምልኡ ፉል ወይ ቸኮላታ ይምልኡ።

**ቆልዓ ቁጽርታት ዓቀናት ክፍለግዜታት ይሓትት**

ብሓንሳብ መልሲ ድለዩ ወይ ባዕልኹም ከምዚ ኢልኩም ሕተትዎ:

- ክንደይ ኣእማን ኣለዉ፧ ኣብ ሰማይ ክንደይ ከዋኽብቲ ኣለዉ፧ ኣብዚ መትሓዚ ክንደይ ፍረታት ዕፉን ኣለዉ፧
- እዚ ኦም ቁመቱ ክንደይ ይኸውን ፧ ክብደትካ ክንደይ እዩ፧ ኣብ ባስካ ብመሕጸቢ ነብሲ(ባኞ)ክንደይ ዓቀን ማይ ኣሎ፧
- እዚ ኦም ክንደይ ዕድሚኡ፧ ካሳብ መዓልቲ ዕለተ ልደተይ ክንደይ ግዜ ይኸውን፧

**እዚ ቆላዓ ይቆጽር**

ኩሉጊዜ እዋናዊ ናይ ኣቆጻጽራ ምድላዋት ይተዓዘቡ:

- በጸሕቲ ኣለዉ- ክንደይ ሰባት፧
- እዚ ህንጻ ክንደይ መሳኹቲ ኣለዎ፧
- ዝተኣከበ ናይ ኣረኔ ዛዕጎል ቁጸሩ፡
- ሰለስተ ቱፋሕዶ ክትሕዝ፧ በጃኻ፡

**ቆልዓ ታሪኻት ዋዛታት ተሞክሮታት ይነገር**

ቆልዓ ኣብ ጸወትኡ ናይ ቁጽሪ ንጥፈታት ይጥቀም
- ጸወታ ደዶ(ፑርፈል)፡ ከም «ቕልጣፍና ምስ ግዜ»፡ « ናይ መሳልል ጸወታ» ወዘተ፡
- ክንደይ ግዜ ኮረር ኣቢልካ፧

**ቆልዓ ናይ ኢደ ስርሓት ክሰርሕ ከሎ ቅርጽን ኣካልን የስተውዕል እዩ፧**

ናይ ኢደ ስርሓት ብሓባር ክትሰርሑ ከለኹም የዕልሉ ብዛዕባ ቅርጽታትን ኣካልትን ብምቁራጽ፡ ብምዕጻፍ፡ ብምጥባቅን ብምዕብዓጥን ዝተሰርሑ (ንኣብነት ዓንኬል፡ ስሉስኩርናዕ፡ ርቡዕክርናዕ፡ ኲብ፡ ትርብዒት፡ ክቢ፡ ሲሊንደር(ሞጉኣዊ ቅርጺ ዘለዎ))።
- ካብ ትርብዒት ስሉስ ኩርናዕ ንሰርሕ
- ንግምቢ ናሕሲ መጀመርያ ዓንኬል ንቖርጽ
- ካብ ዝተለውሰ ብሒቕ ክዑሶን ኲብን ንስራሕ
- ካብ ዝጎሓፍ ነገራት ከም ጥርሑ ናይ ሽቓቕ ጥቕላል ናይ ካርቶን ሳንዱቕ ወዘተረፈ ተሽከርካሪ ይስርሑ

**ቆልዓ ነጻ ኮይኑ ካብ ናይ ህንጻ ብሎኬታት ፡ ናይ ሌጎ ሕጥቦታት ናይ ባቡር ሓዲድ ይሃንጽ**
ነዚ ዝኸውን ቦታ ኣዳልውሉ። ቆልዓ ነጻ ኮይኑ ብናቱ ኣተሓሳስባ ክሃንጽ ክግደፍ ኣለዎ ከምእውን ተሽከርከርቲ ክሰርሕ ህንጻታት ብፕላን ክሰርሕ
- ዝነውሐ ግምቢ መን ይሃንጾ፧

**ቆልዓ ትሕዝቶ ዓቕን ክፈልጥ ይጅምር**
ቆልዓ ማይ ክሕዝ፡ ኣብ ውሽጢ ሑጻ ቀላይ ክኹዕት፡ ሻምቡቆታት ክሰርሕ(መምጸጺ ሻምቡቆ ጌሩ) ኣብ መትሓዚ ክመልእ፡ ሕብስቲ ክሰርሕ ሕደጎ።

**ቆልዓ ኣብ ዓቢ ክፍሊ ንገዛእ ርእሱ ባዕሉ የላሊ**
ኣብ ጉዕዞኹም ምስ ቆልዓ ተዛረቡ፡ እዚ ኣበይ እዩ፧ ናበይ ኣንፈት
- ገዛና ኣበይ ኣሎ፧ ሕጂ መዓርፎ ባቡር ኣበይ ኣሎ፧
- ከተማ በየን ኣንፈት ከምዝኾነ ትፈልጥ፧
- ድሕሪ ጉዕዞኹም እቲ መገዲ ኣብቲ ካርታ ድለይዎ፧
- ዓድኹም ኣብቲ ፕላን ድለይዋ፡ ኣበይ ንነብር፧

ቆልዓ ብልቡ(ብምሽምዳድ) ምቕማር ክማሃር የብሉን፧ ናይ ቁጽሪታት ሓሳብ ቁጽራዊ ኣተሓሳስባን የድልዮን፧ ንዝሓሸ ርድኢት፡ ንነገራት ምዕዛብ ሓጋዚ እዩ፡ ንኩነታት ደጊምካ ምጽዋት ብዛዕባቲ ትሰርሖ ዘለኻ ምዝራብ።

ሉዘርን
275848